

**ሽም ሕጽይቲ ተወዳዳሪት:** **ጁሊ ካንግ (Julie Kang)**
**ሽም ወፈራ:** **ጁሊ ን ሴያትል ዲስትሪክት 5 (Julie for Seattle D5)**
**ናይ ወፈራ መርበብ ሓበሬታ:-** **[https://julieforseattle.com/](https://julieforseattle.com/)**
**ትወዳደረሉ ሓላፍነት:-** **ቤት ምኽሪ ከተማ ዲስትሪክት 5**
**ናይ ወፈራ ቊጽሪ ተሌፎን:-** **206.880.3873**
**ሌላ ምስ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት (ናይ 200 ቃላት ገደብ):**

ኣነ ኣብ ዲስትሪክት 5 ናይ ነዊሕ እዋን ነባሪት ዝኾንኩ፣ መምህር፣ ከምኡድማ ናይ'ቲ ማሕበረሰብ ንቕሕቲ ተሳታፊት እዩ። ከም ሓንቲ ኣብ ሰሜን ሲያትል ህይወታ ዝሃነጸት ስደተኛ መጠን፡ ውሳነታት ከተማ ንመዓልታዊ ክውንነት ዝሰርሑ ስድራቤታት፡ ስደተኛታትን ንኣሽቱ ትካላትን ናይ መዓልታዊ ተግባራት ብኸመይ ክቐርጾ ከም ዝኽእል ይርዳኣኒ እዩ።

መራሕትና ድምጽና ክሰምዑን ብጭቡጥ ኣውራጃና እንታይ ከምዘድልያ ክርድኡን ንደልዮም። እቶም ኣነ ቀዳምነት ዝህቦም ጉዳያት ርትዓዊ ዋጋ፡ መንበሪ ኣባይቲ፡ ድሕነትን ገዛ ኣልቦነትን፡ ከምኡ'ውን ሓለዋ ስደተኛታት እዮም።

ኣነ እቲ ሞያዊ ህይወተይ ኣብ ህዝባዊ ኣገልግሎትን ብፍላይ ድማ ኣብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ንብዙሕ ቋንቋታት ዝዛረቡ ተማሃሮ ድጋፍ ንዝህቡ መምህራን ኣብ ምስልጣን እዩ ኣሕሊፈዮ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዋሽንግተን (University of Washington)ን ዩኒቨርሲቲ ሲያትል (Seattle University)ን ፣ ኣብ ምምራሕን ምሕንጻጽን ሰፋሕቲ መደባት፣ ኣብ ምምሕዳር ዝተሓላለኸ ህዝባዊ ባጀት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምሕንጻጽ ኣብ ተሓታትነት፣ ፍትሓውነትን ውጽኢትን ዘተኮረ ስግረ-ዓውዲ ሽርክነት ሰሪሐ እዩ።

ኣብ ቦርድ ክለብ ማሕበረሰብ ሃለር ሌክ (Haller Lake Community Club) የገልግል፣ ኣብ ባንኪ መግቢ ብወለንታዊነት፣ ከምኡ'ውን ንማሕበረሰብ ስደተኛታትና ኣብ ምምሃርን ካብ ICE ክጥንቀቑ ሓበሬታ ኣብ ምሃብን/ምክፍፋልን እሰርሕ፣ ንኣናእሽቱ ትካላት ንምድጋፍ ድማ ናይ FuseD5 ናይ እግሪ ጉዕዞታት መሪሐን እዩ። ኣነ ሕብንቲ ኣባል ማሕበር ሰራሕተኛታት WEA'የ በዓል ቤተይ ድማ ኣባል UFCW 3000 እዩ።

ናብ ቤት ምኽሪ ከተማና ማሕበረሰባዊ ፍልጠት፣ ተመኩሮ ባንኪ፣ ክእለት ፖሊሲን ርጉእ ኣመራርሓን ከምፅእ እየ። ሕብረተሰብና ዘድልዮ ዓይነት መራሒት - ንቶም ድምጺ ዘይብሎም ዝሰምዕን ዝጣበቕን ሰብ ክኸውን ቃል እኣቱ።

ደገፍኩም ረኺበ ንኣውራጃና ክውክል እንተዝኽእል ክብሪ ምተሰመዓኒ።

*እዛ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት እዚኣ ኣብ ፕሮግራም ናይ ደሞክራሲ ቫውቸር ትሳተፍ ኣላ።*



ሽም ሕጺ:- Nilu Jenks (ኒሉ ጀንክስ)

ሽም ጎስጓስ መረፃ:- Neighbors for Nilu (ኔበርስ ፎር ኒሉ)

መርበብ ሓበሬታ ጎስጓስ መረፃ:- https://www.neighborsfornilu.org

መደብ ስራሕ:- ዲስትሪክት 5 ሲቲ ካውንስል

ስልኪ ቑፅሪ ጎስጓስ መረፃ:- 206-321-9890

ኖርዝ ሲያትል ደቀይ እናዕበይኹ ዘለኹሉ፣ ምስ ጎረባብተይ ናይ ቀረባ ዕርክነት ዝመስረትኩሉን፣ እቲ ማሕበረሰብና ንክብርትዕ ንነዊሕ እዋን ዝደኸምኩሉን ከባቢ እዩ። ኣብ መዘናግዒታት ኣኽላባት ካብ ዝግበሩ ፀወታታት ጀሚሩ ክሳብ ኣኸባታት ማሕበረሰብ፣ ምስ ጎረባብቲ ምርኻብን ሰባት ነንባዕሎም ዝተሓጋገዝሉን ዓይነት ማሕበረሰብ ንክፍጠር ባህ ይብለኒ። ነዚ ከባቢ ካብ ዘለኒ ፍቕሪ ዝተልዓለ ኣብዚ መረፃ ንዲስትሪክት 5 ንምግልጋል እወዳደር ኣለኹ።

ኣነ ጓል ስደተኛታት ኢራናውያን፣ ተማጓቲት ማሕበረሰብ ከምኡ'ውን ስራሕ እትሰርሕ ኣደ ክልተ ቆልዑ እየ። ኣብያተ ትምህርትና ንምዕባይ፣ ጎረባብትና ዝያዳ ንምሕያልን፣ ንኹሉ ዘሳትፍ ማሕበረሰብ ንምህናፅ ምስ ጎረባብቲ ብምዃን ንዓመታት ብንቕሓት ሰሪሐ ኣለኹ።

ኣብ ጥቓ ኣብያተ ትምህርቲ፣ መዘናግዒታትን፣ ትራንስፖርትን ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎም መንበሪ ኣባይቲ ንክህልዉ ኣብ'ቲ ቤት ምኽሪ ከተማ ውሽጢ በርቲዐ ክሰርሕ እየ። ኣብ ቀረባ እዋን ብዝተርኣዩ ናይ ግሮሰሪን መደብራት መድሓኒትን ምዕፃው ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ስድራቤታትን ኣረጋውያንን ዝበፅሐ ክፍተት ኣቕርቦት ምግቢ ንምቕራፍ መፍትሒ ከናዲ እየ። ንፍትሒ ነባሪ ኣየርን ንውሕስ ድሕንነት ትራፊክን፣ ምንቅስቓስ መኻይንን፣ ንሓያሎ ዓሰርተታት ዓማውቲ ቃል ዝተኣትወሎም መንገዲታት ኣጋርን ንምህናፅ ዉፊት እየ።

ኣብ FairVote Washington (ፌርቮት ዋሽንግተን) ዝነበረኒ ፃንሒት፣ ንዲሞክራሲና ዝያዳ ንክሕይልን ንክሕለውን ንዝተፈላለዩ ማሕበረሰባት ኣብ ምትሕብባር ናይ ባዕለይ እጃም ኣበርኪተ እየ።

እዚ ጎስጓስ መረፃ ንዲስትሪክት 5 ሓቢሩና ዝዘልቕ፣ ዘዳምፅን፣ ውፅኢት ዘምፅእ ኣመራርሓ ይግብኦ ኢሎም ብዝኣምኑ ጎረባብቲ ሓይሊ ዝንቀሳቐስ እዩ። እዚ እዩ ድማ እቲ ከሳኽፆ ዝወሰንኩ።

*እዛ ሕጹይ ተወዳዳሪት እዚኣ ኣብ ፕሮግራም ናይ ደሞክራሲ ቫውቸር ትሳተፍ ኣላ።*